TIGRINYA

# ጎረባብቲ ንጎረባብቲ ኣብ ምትሕግጋዝ መደብ ምጽራግ በረድ

ወለንተኛ ብምዃን ነቶም ኣብ'ዚ ክረምቲ/ዊንተር ወርሓት ነቶም ሓገዝ ዝጠልቡ ጎረባብትኻ ክትሕግዞም ትደሊ? ከተማ ሲያትል ነቶም ብማሕበረሰብ ዝካየዱ ናይ በረድ ምጽራግ ጻዕሪታት ንምሕጋዝ ናይ ፈተነ መደብ ተበግሰ ኣላ። እቲ ዕላማ ነቶም ናይ ኣጋር መገዲታትን ሰባት ዝንቀሳቐሱሎም ቦታትን ብምጽራግ እቶም ብዕድመ ዝሸምገሉን ናይ ምንቅስቓስ ጸገማት ዘለዎምን ሰባት ኣብ ጥቓ ገዝኦም ናብ ደገ እንትወጽኡ ዘጋጥሙዎም ብድሆታት ምፍታሕ እዩ።

## እዚ ብኸመይ ከም ዝካየድ እነሆ:

- **ኣብ ምጽራግ በረድ ሓገዝ ትጠልቡን ድልየት ዘለኩምን ወለንተኛታትን ኣባላት ማሕበረሰብን ዝኾንኩምን ሰባት:** ነቲ እትነብሩሉ ብሎክ ዝምልከት ውጥን ንምድላው ምስ'ቲ ናይ እቲ እትነብሩሉ ብሎክ ሓላፊ ናይ ሓለዋ (Block Watch) ዝኾነ ሰብ ተራኸቡ።
- **ነቲ ሓላፊ ሓለዋ ናይ ብሎክ (Block Watch) ዝኾነ ሰብ መን ምዃኑ ኣይትፈልጡዋን?** ናብ'ቲ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ክፍሊ ፖሊስ ከተማ ሲያትል ዝርከብ ናይ ሓለዋ ብሎክ ገጽ ብምኻድ ምስ'ቲ ናይ ከባቢኹም ኣተሓባባሪ ምክልኻል ወንጀል (Crime Prevention Coordinator ዝኾነ ሰብ ተራኸቡ።
- **ኣብ'ቲ እትነብሩሉ ጎዳና ሓላፊ ሓለዋ ናይ ብሎክ የብልኩምን?** ብዛዕባ እቶም ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ጉጅለታት ሓለዋ ናይ ብሎክ (Block Watch) ወይ ካልኦት ክትረኽቦም ትኽእሎም ናይ ወለንታውያን ትካላት ብዝምልከት ሕቶታት ንምሕታት ምስ'ቲ ናይ ከባቢኻ ኣተሓባባሪ ምክልኻል ወንጀል (CPC) ተዘራረብ።

## ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፥

- መደብ ሓለዋ ናይ ብሎክ ሲያትል (Seattle's Block Watch program): seattle.gov/police/crime-prevention/block-watch
- ክፍሊ መጉዓዝያ ሲያትል (SDOT) መርበብ ሓበሬታ ኩነታት ኣየር ክረምቲ/ዊንተር: seattle.gov/transportation/winter-weather

እንተደኣ ተወሰኽቲ ሕቶታት ኣለዉኻ ኮይኖም፣ ምስ ናይ ክፍሊ መጎዓዚያ ከተማ ሲያትል (Seattle Department of Transportation) ጉጅለ ክንክን ዓማዊል ኣብ (206) 684-ROAD ወይ 684-ROAD@seattle.gov ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ።

ከተማ ሲያትል ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ንጥፈታት ወለንተኛታት ኣብ ምቕራብ ክሕግዝ ይኽእል እዩ:

- ባዴላታት
- በረድ ምምካኺ
- ጠቓምቲ ሓበሬታታት ብዛዕባ ምጽራግ

*ቀረባት ክሳብ ዝውዳእ




City of Seattle